# ንጽባቐ ታሪኻውያን ህንጻታት ከተማ ኣስመራ ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣብ ከተማ ቶሪኖ (ኢጣልያ) ተኻይዱ።

ትማሊ ሰኑይ ዕለት 30/06/2008 ፡ ኣብ ትሕቲ Asmara Africa’s Secret Capital of Modern Architecture ዝብል ኣርእስቲ ፡ ኣብቲ ብ Lingotto Fiera ዝፍለጥ ዓቢ ናይ ኤግዚብሽን ማእከል ንታሪኻውን ስነ-ጥበባውን ጽባቐ ህንጻታት ከተማ ኣስመራ ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣብ ከተማ ቶሪኖ ተኻይዱ። እቲ ምርኢት ኣብቲ ብዓለምለኸ ደረጃ ንመበል 23 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ናይ ኣርኪተክተር ምርኢት (The XXIII UIA World Congress of Architecture) ካብ ዝተፈላልዩ ኩርናዓት ዓለም ዝተዋጽኡ ምሩጻት ኣብቲ ዓውዲ ዘተኩሩ ስነጥበባውያን ምርኢታት ዝሳተፉሉ ዘለዉ Congress እዩ ዝካየድ ዘሎ።

እዚ ብግዱሳን ጀርመናውያን ኣዕሩኽቲ ኤርትራ ዝተወደበ ፡ ብኣወሃሃድነት ኤርትራዊ ኣርኪተክት ኣቶ ናይዝጊ ገብረመድህን ዝካየድ ዘሎ መደብ ብኣዝዮም ኣገደስቲ ናይ ቀደምን ሓደስትን ንጽባቐ እታ ከተማ ዘንጸባርቑ ሰነዳት ፡ ቅርጺ ህንጻታት (ብንኣሽቱ ሞዴላት) ፡ ሞያዊ መጽናዕቲ ክኢላትት ዝተሰነየ እዩ ኔሩ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ መደብ ከኣ እዚ ታሪኻዊ ዝኾነ ህንጻታት ኣስመራ ብዓለም ደረጃ ዝግብኦ ተፈላጥነት ረኺቡ ኣብ ዝርዝር ውርሻታት ዓለም ናይ ዩነስኮ ንኽኣቱ ብኤርትራ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ንምድጋፍ እዩ (the exhibition is intended as support for Eritrea’s endeavours to have Asmara classified as a World Heritage Site by UNESCO)።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ መደብ ዝተኻየደ workshop ተረኺቡ ኣብ ዘስምዖ መደረ ፡ እዚ ብግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተሃንጸ ታሪኻዊ ህንጻታት ነዊሕ ዓመታት ሓሊፉ ክነሱ ክሳብ ሕጂ ከምዚ ኢሉ ተዓቂቡ ምጽንሑ ኣብ ኤርትራ ብታሪኹ ፡ ብባህሉ ፡ ብኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ቅርስታቱ ዝሕበን ህዝቢ ስለ ዘሎ እዩ ፡ ንዝመጽእ ወለዶ ናይ ምትሕልላፎም ዘሎዎ ሓላፍነት ተረዲኡ ስለ ዝዓቀቦም ጥራይ እዩ ክብል ገሊጹ ፡ ነቲ መደብ ዘዳልዉን ነቲ ዕላማ ሽትኡ ክወቅዕ ኣበርክቶኦም ዘወፍዩ ዘልዉ ኩሎም ሞያውያን ከኣ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ። ስዒቡ ፕረዚደንት ናይ International Union of Architects (UIA) Mr. Gaetan Siew ናይ ሰላምታ መልእኽቲ ብስም እቲ ማሕበር ኣቕሪቡ ፡ ስዒቡ ኸኣ ብዝተፈላልዩ ሰብ ሞያ ነቲ ኣርእስቲ ዝምልከት ዝተፈላልየ መጽናዕትታ ቀሪቡ።

እዚ ዘዋሪ ምርኢት ብዕለት 03/10/06 ኣብ ከተማ በርሊን (ጀርመን) ዝጀመረ ኽኸውን ከሎ ዛጊት ኣብ ከተማ ለንደን ፡ ተልኣቪቭ ፡ ካይሮ ፡ ላጎስን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ከተማታት ከምዝተራእየ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ከተማ ቶሪኖ ኸኣ ክሳብ ዕለት 02/07/08 ዝጸንሕ ኮይኑ ኣብ ካልኦት ዝተፈላለያ ከተማት ኢጣልያ ክዘውር ምዃኑ ካብቶም ኣዳልውቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ይገልጽ።

ዓወት ንሓፋሽ!